Coptic Orthodox Patriarchate
**His Holiness Pope Tawadros II**
Pope of Alexandria and
Patriarch of the See of St. Mark
**The Papal Center**

بطريركية الأقباط الأرثوذكس
**قداسة البابا الأنبا تواضروس الثاني**
بابا الأسكندرية
وبطريرك الكرازة المرقسية
**المقر البابوي**

222 Ramses St., Abbaseya, Cairo, Egypt
222 شارع رمسيس ، العباسية ، القاهرة ، مصر

Tel: 024822580 Fax: 0235365880 email: office@popetawadros.org فاكس: 0235365880 تليفون: 024822580


*Tigrinya – Resurrection - 2022*

**በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሐዱ ኣምላክ፡ ኣሜን።**

**ክርስቶስ ተንሥአ፡ በኣማን ትንሥአ**

**ኣብ'ዚ ዓቢይ በዓል ትንሣኤ 2022፡ ንኹላትኩም እንቋዕ ኣብጽሓኩም እብል። ንኣብ ምብራቕን ምዕራብን ዓለም ንዘሎዉ ኣህጉረ-ስብከታት፡ ቀብጣውያን ኣብያተ-ክርስቲያናትን ገዳማትን እንቋዕ ኣብጽሓኩም እብል። ንኹላትኩም ኣቦታት፡ ሊቃነ ጳጳሳት፡ ጳጳሳት፡ ካህናት፡ መነኮሳት እንቋዕ ኣብጽሓኩም እብል። ከምኡ'ውን ንኣበየ ቦታኡ ዘሎዉ ኹላትኩም ዲያቆናትን ንኹላትኩም ኣባላት ምኅደራ ቤተ ክርስቲያን፡ እንቋዕ ኣብጽሓኩም እብል።**

**ብምቕጻል፡ ንኹላትኩም በዓለ ትንሣኤ እተብዕሉ ቀብጣውያን ስድራ ቤታትን፡ ንኹላትኩም ስድራታት፡ ነፍሲ ወከፍ ኣቦን ኣደን እንቋዕ ኣብጽሓኩም። ንወሬዛታት፡ ዓበይትን ንኣሽቱን ኣገልገልቲ እንቋዕ ኣብጽሓኩም። ኣብ'ዚ ኹላትና ወትሩ ዓመት እነዕብሎ ዘሕጉስ በዓል፡ እንቋዕ ሓጐሰኩም እብል።**

**ኣብ ሕይወት ክርስቶስ ብዙኃት ክፍልታት ኣሎዉ። ኣብ'ቲ ንልዕሊ ሠለስተ ዓመት ዝምንውሑ፡ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ዘመነ ሥጋዌኡ ምስ ሓዋርያትን ሕዝብን ዝገበሮ ዝርርባት፡ ብዙኃት ክፍልታት ተኣምራት፡ ዝርርባት፡ ትምህርትታትን ምሳሌታትን ኣሎዉ። በዘን ድልድላት ኣገልግሎት ድማ ሓደው ብውልቂ ሓደው ብጉጅለ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ምስ ሓዋርያትን ብዙኅ ሕዝብን ይራኸበ ነበረ። ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ክፍልታት እምበኣር፡ ንደቀ መዛምርቱ ጠርኒፉ ናይ ሰሜናዊት ፍልስጤም ዝኾነት ፍሊጶስ ቂሳርያ ኣብ ዝኸደሉ ጊዜ ነበረ። (ማቴ.16፡13) ኣብኡ ድማ፡ "ንወዲ ሰብ መን ይብልዎ" ክብል ሓተቶም። (ማቴ.16፡13) ንሳቶም ድማ መለስሉ። ንሱ'ውን ደጊሙ ንስኻትኩምከ መን'ዩ ትብሉኒ ኢሉ ሓተቶም። (ማቴ.16፡15) መልሲ ሓዋርያ ቅዱስ ጴጥሮስ ድማ፡ "ንስኻ፡ ክርስቶስ ወዲ ሕያው ኣምላኽ ኢኻ" ዝብል ነበረ። (ማቴ.16፡16) እዛ ሓረግ እዚኣ፡ ኣብ ኣርባዕቲኡ ወንጌላት ብዝተፋላለየ መልክዕ ተጻሒፋ ኣላ። እንተ ኾነ ግና፡ "ንስኻ ወዲ ሕያው ኣምላኽ ኢኻ" ብብርሃነ ክቡር ትንሣኤ'ያ ተጻሒፋ ዘላ። (ማቴ.16፡16) እዛ ክፍሊ እዚኣ፡ ኣብ ሕይወት ደቀ መዝሙሩ ኣዝያ ኣገዳሲት ክፍሊ ነበረት። ኣስዒቡ ኣብ ዝመጽእ ሰሙናትን ወርሓትን ብዛዕባ ዝፍጸሙ ፍጻሜታት ክዛረቦም ጀመረ። እዚ'ውን ኣብ ዘመነ ኣገልግሎት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝፍጸሙ ከም እኒ፡ ኣኅሊፎም ከም ዝህብዎ፡ ከም ዝሥቀል፡ ከም ዝቕበርን ዝትንሥእን ኢዮም።**

**ስዒቡ ዝመጽእ፡ ሠለስተ ደቀ መዛሙቲ ዝተሳተፍዎ፡ ክፍለ ኣስተርዮተ እግዚእ (ደብረ ታቦር) ኢዩ። (ማቴ.17፡1-13) ንሳቶም ድማ፡ ጴጥሮስ፡ ያዕቆብ፡ ዮሓንስ ኢዮም። ጴጥሮስ ንእምነት ክውክል ከሎ፡ ያዕቆብ ድማ ንግብሪ ይውክል። ዮሓንስ ብወገኑ፡ ንኣምላኻዊ ፍቕሪ ይውክል። ኣብ ደብረ ታቦር፡ ንኢየሱስ ክርስቶስ ምስ ነቢያት ሙሴን ኤልያስን ረኸብዎ። (ማቴ.17፡1-13) ካብ'ቲ ኣብኡ ዝነበረ ዝርርብ፡ እቲ ኣውራ "ጐይታ፡ ንዓና ኣብዚ ምንባር ሠናይ ኢዩ" ዝብል ይርከቦ። (ማቴ.17፡4) እዚ ከኣ ከም ጩራ ዘለዓለማውነትን ካብ ዘለዓለማውነት ዝብገስ ብርሃንን ይሕስብ። እዚ ድማ'ዩ፡ ጴጥሮስ ምእንቲ ኣብ'ቲ ብሩህን ዘሕጉስን ህሞት ነዊሕ ንኽጸንሑ ሠለስተ ድንኳን ንኽሠርሕ ፍቓድ ከም ዝሓትት ዝገበሮ።**

**ኣብ ወንጌለ መምህርና ዮሓንስ ከም እንብቦ ወይ ከኣ ብሓፈሻ ኣብ ኵለን ወንጌላት ዘሎ፡ ምናልባት'ውን ሓዋርያ ቅዱስ ማርቆስ ኣብ ወንጌሉ ብሓፂር መንገዲ ከም ዝጠቐሶ፡ (ማር.9፡9) ድኅሪ ኣስተርእዮተ እግዚእ (ደብረ ታቦር)፡ ብዛዕባ ወዲ ሰብ ኣኅሊፉ ከም ዝወሃብ፡ ከም ዝሥቀል፡ ዝመውትን ካብ ምውታን ከም ዝትንሥእን ተዛረበ። ደቂ መዛሙርቱ ድማ፡ ካብ ምውታን ምትንሣእ ማለትከ እንታይ ማለት'ዩ ኢሎም ክግረሙ ጀመሩ። ፍቑራተይ፡ ህሞተ ትንሣኤ ኅሉፍ ግዜ ዝተፈጸመ ኅሉፍ ፍጻሜ ኣይኮነን። ከምኡ'ውን ታሪኻዊ ክስተት ኣይኮነን። እነብዕሎ ክቡር በዓል ትንሣኤ፡ ሓደ ኣብ ኅሉፍ እዋን ዝተፈጸመ እሞ፡ ዝተቛረጸ በዓል ኣይኮነን።**

ትንሣኤ፡ ንወዲ ሰብ ህልዊ ጅማሮ ህላዌኡ ኢዩ። ድኅሪ ውድቀተ ሰብ፡ ኃጢኣት ንወዲ ሰብ ብዝተቀጻጸሮን ብሰንኪ ሞት ድማ፡ ናብ ታሕቲ ድኅሪ ምውራዱን ዘሎ ጅማሮ ኢዩ። ትንሣኤ ዓወት ኢዩ። ኃቢርና ምስ ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ “ኦ ሞት ኣበይ ኣሎ መውጊኢኻ! ኦ ሞት ኣበይ ኣሎ ዓወትካ” እንብሎ ድማ ኢዩ። (1ይቆሮ.15፡55) ትንሣኤ ጐይታና፡ ካብቶም ተኣምራት ትንሣኤ ከም እኒ፡ ምዉታት ከም ዘተንሥአ፡ ምትንሣእ ወዲ መበለት ናይን ወይ ጓል ኢያኢሮስ ወይ’ውን ድኅሪ ኣርባዕተ መዓልቲ ምትንሣእ ኣልኣዛር ዝተፈልየ ትንሣኤ ኢዩ። ትንሣኤ ክርስቶስ ግና ኣዝዩ ዝተፈልየ ትንሣኤ ኢዩ። ምኽንያቱ፡ ትንሣኤ ህላዌ ደቂ ሰባት ስለ ዝኾነ። ሓድሽ ጅማሮ ወዲ ሰብ’ዩ። እቶም በዚ ዝሕጉሱ ድማ ዝተባረኹ ኢዮም።

ኣብ’ታ መወዳእታ ህሞት ትንሣኤ ምሳኹም ደው ክብል እደሊ። እቲ ቀዳማይ ኣብ መስቀል ኣሎ። ስቓይ፡ ጓሂን ጭንቅን ዝመልአ ህሞት ኢዩ። ሰሙነ ሕማማት ምስ ኵሉ ንባባቱ፡ ቃናታቱን ዜማታቱን ወዲእናዮ ኣሎና። ተመኵሮን ሕይወትን ምስ ጐይታ፡ ወትሩ ድማ ምስኡ ንነብር። ክፍሊ ሥቕለት፡ ክፍሊ ስቓይ’ዩ። እዚ ክፍሊ እዚ ግና፡ መወዳእታ ነበሮ። ንሱ ድማ መቓብር ነበረ። ክርስቶስ ከም’ቲ ኣብ ጸሎተ ሃይማኖት እንደግሞ፡ ብዘመነ መንግሥቲ ጲላጦስ ጴንጤናዊ ኣብ መስቀል ተሰቕለ። ቅድሚኡ ካልእ ተነቢርዎ ዘይፈልጥ ኣብ ሓድሽ መቓብር ድማ ተነብረ። መቓብር ሕልምታት ዘውድእሉ ቦታ ወይ ድማ፡ ተስፋ ዘይብሉ፡ ክፍሊ ሞት ኰነ። ዋላ’ኳ እዚ ክፍሊ እዚ፡ ሠለስተ መዓልቲ ጥራኅ እንተ ጸንሐ፡ መዓልታት ፍርህን፡ ስግኣትን ስምባደን ነበራ። ኣርባዕተ ንወጌላት ከንንብብ ከሎና፡ እዚ ፍርሃት’ዚ ይስምዓና። ደቀ መዛሙርቲ ከይተረፉ’ውን፡ ፈርሁን ሰምበዱን። ኣምላኽ ግና፡ ተስፋ ንኽቈርጽ ኣይገደፎምን። ኣብ ሣልሰይቲ መዓልቲ ሰንበት ንግሆን ካብ ምውታን ደኣ ተንሥአ። እቲ ኣብ’ዚ ዘሎ ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ንሱስ ተንሢኡ’ዩ። ኣብ’ዚ የልቦን። (ሉቃ.24፡6) ኣብ ወንጌል መምህርና ከም እነብቦ ድማ፡ ደቀ መዛሙርቲ ነዚ ብዝረኣዩ ተሓጒሶ። (ዮሓ.20፡20) እዚ ድማ፡ ወዲ ሰብ ዝሕጐሰሉን ዝፍስሓሉን ሓጐስ ትንሣኤ ኰነ።

ኣብ ጅማሮ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ፡ ካብ ድቃስ ክንትሥእ ከሎና፡ ኣብ መእተዊ ነፍሲ ወከፍ ምስጋና፡ “ኦ ደቂ ብርሃን፡ ተንሥኡ” ኦ ደቂ ትንሣኤ ኢልና ንጅምር። ትንሣኤ ግብሪ ይኸውን፡ ሕይወት፡ ኣብ ዕለታዊ ህላዌ ዘሎ ሕይወት ሰብ’ዩ። ኣብ ትንሣኤ እናነበርና፡ ኣብ ዘመነ ትንሣኤ ጥራኅ ኣይንነብርን። እንተኾነ ግና፡ ኣብ ኵሎም ህሞታትና፡ በዓላትና፡ ጾማትና ኲታስ ኣብ ምሉእ ዓመተ ቤተ ክርስቲያንና ይዝርጋሕን የንጸባርቕን።

ኣብ ጸሎት ንግሆ፡ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ውክልና ትንሣኤ ብምዃና፡ ብብርሃንካ ብርሃን ርኢና ኢልና ንጽሊ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰሙን ድማ፡ ሰንበት እግዚአብሔር ዝገበራ መዓልቲ እዚኣ ኢያ ኢልና ነኽብራ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ቅብጣዊት ወርኂ ድማ፡ ዕለት 29 ብሥራት ልደትን ትንሣኤን ነኽብር። ነፍሲ ወከፍ ዓመት ከኣ፡ ከም ብሕታዊት መዓልቲ ዘይኰነትስ፡ ኣብ ሸውዓተ መዓልቲ ትንሣኤ ነብዕል። ኣብ መበል ኃምሳ መዓልቲ ድማ፡ ብዕለተ ርደተ መንፈስ ቅዱስ (በዓለ ኃምሳ) ኢልና እንጽውዖ ንፍጽሞ። ኣከባብራ ትንሣኤ፡ በዓል ሓደ ሰዓት ወይ መዓልቲ ወይ’ውን ወርኂ ዘይኰነስ፡ በዓል ዓመት ምሉእ ይኸውን። ኣብ ኵሉ ሥርዓትና፡ ሥርዓተ ስግደት፡ ወይ ምስላም፡ ወይ ድማ ኣስተባርኮት፡ ኦ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ንዓይ ንኃጢተኛ መሓረኒ ንብል። ምእንቲ ካብ ኃጢኣቱ ውድቀቱን ክትንሥእን። ሰብ ይሰግድ፡ ይትንሥእ’ሞ ትንሣኤ ነዚ በረኸት ከም ዝሃቦ ይዝክር።

እዚ ሓጐስ ናይ ትንሣኤ’ዚ ኵላትና ኣብ ሕይወትና ክንነብሮ ዝግባእ እዩ። ንዕኡ ድማ ንሓድሕድና ክንማቐሎ ኣሎና። ነፍስ ወከፍ ካባና ንኻልኦት ምኽንያተ ሓጐስ ይኹን። እታ ናብ ኩልኹም እትቐርብ ሕቶ ከኣ እዚኣ እያ፡ “ወትሩዶ ንሰባት ተሐጒስዎም፧ ነዚ ብሕይወትኩም ወይ እቲ ክቡር ትንሣኤ ኣብ ሕይወትኩም ብዘለዎ ትርጉም ክትገብርዎ ትኽእሉዶ፧ ወይስ ምስ ክርስቶስ ብዘለኩም ርክብን ኣብ ቤተ ክርስቲያን ብምህላውኩም፧ ወይ’ውን ምሥጢራት ብምክፋል፧ ወይ ድማ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ብምንባብ፧ ንነፍስ ወከፍ ኣብ ዙርያኹም ዘሎ ሕጉስዶ ትገብርዎ፧ ናይ ሓጐስ ምኽንያት ዲኹም፧ እዚ ትንሣኤ ንኹሉ ሰብ ምንጪ ናይ ሓጐስ ክትኮኑ ይዕድመኩም ኣሎ።

ፍቑራተይ፡ ነቲ ሃሌ ሉያ ዝብል ቃል ኣብ ቤተ ክርስቲያን ከም እንደጋግሞ ኣይትረስዑ። “ሃሌ ሉያ” ዝብል ቃል ንእግዚኣብሔር ኣመስግንዎ ማለት እዩ፡ እዚ ድማ ተሓጐሱ ማለት እዩ። ኵሉ መንፈሳዊ ተግባራትና ንዓና ሕጉሳት ንምግባር ዝዓለመ እዩ፡ ሽቶኡ ከኣ ኣብ ትንሣኤ ንኽንነብር እዩ። ኣብ ምጅማር መደረይ ከም ዝበልክዎ፡ ክርስቶስ ካብ ምውታን ክትንሥእ ከሎ ንዓና ክህበና ዝደለዩ ነገር፡ እዚ ሓጐስ እዚ ኣብ መዓልታዊ ሕይወትና ክህሉ፡ ክንምስክረሉ፡ ክንምህረሉ፡ ክንለማመዶን ክንሕጐሰሉን እዩ። እዚ ክቡር ትንሣኤ እዚ ዕድመ ናብ ዘለዓለማዊ ሓጐስ እዩ። ናይ መወዳእታ ሸቶ ኵሎም እነቕርቦም መንፈሳውያን ዕዮታት ከኣ ክንሕጐስን እቲ ሓጐስና ከኣ ኣብ ሕጉስ ዘለዓለማዊ ሕይወት መፈጸምታ ንኽረክብን እዩ።

ኣብ ትንሣኤ ምስ ብዙኃት እተፈላለዩ ሰብእነታት ከም እንራኸብ ኣይትረስዑ። ኣብ ትንሣኤ ምስቶም ቀድሜና ኣብቲ ፍጻሜ እቲ መስተንክር ትንሣኤ ዝነበሩ ኵሎም ገጻተ ባሕርያትን ኵላቶም ሰባትን ኢና እንሕጕስ። ምስ'ቲ በይኑ ክሳዕ መስቀል ምስ ክርስቶስ ዝነበረ ፍቑር ዮሓንስ ንሕጕስ። ክርስቶስ ድማ ንኣደኡ ንድንግል ማርያም ኣማዕቈቦ። እዚ ከኣ እሙን ምኽንን ምስሊ ትንሣኤን ዝምህር እዩ። ከምኡ'ውን ምስታ ኣቐዲማ ናብቲ መቓብር ዝኸደት መግደላዊት ማርያም ንሕጕስ። ንሳ ነቲ ዝተንሥአ ክርስቶስ ረኣየቶ እሞ፡ "ረቡኒ" ኢላ ጸውዓቶ፡ ትርጉሙ ድማ መምህር ማለት እዩ። (ዮሓ. 20፡16) እዚ'ውን እሙን ናይ ምኽን ትምህርቲ ዝኃዘ እዩ። ብተወሳኺ ኣብ ትንሣኤ ነቲ ተጠራጣሪ ቶማስ ንርእዮ። ድኅሪ ሰሙን ድማ ኢየሱስ ቶማስ ኣብ ዝተረኽበሉ ንሓዋርያት ተገለጸሎም። ቀድሚኡ ግና ኣብ ካልኦት እዋናት ተገሊጹ ነበረ። እቲ ተጠራጣሪ ቶማስ ኣጻብዑ ኣብ ሸንካር ናይ ኢዱ፡ ኢዱ'ውን ናብ ጐድኑ ንኸእቱ ብጐይታ ተጸውዐ። ስለዚ ድማ "ጐይታይን ኣምላኽይን" ኢሉ ጨርሐ። (ዮሓ. 20፡26-28)

ንኹላትኩም፡ ኣብ ኵለን ኣብያተ ክርስቲያንን ነፍስ ወከፍ ሃገረ ስብከታትን ምስ ኵሎም እቶም ኣገልገልትን እቲ ሓጐስ ናይ ትንሣኤ ወትሩ ኣብ ሕይወትኩም ክህሉ እምነየልኩም። እዚ ናይ እንቋዕ ኣብጽሓኩም መልእኽተይ ካብታ ፍትውቲ መሬት ግብጺ ተላእከልኩም። ነዚ ከኣ ኣብ ክንዲ ኵሎም ኣባላት ቅዱስ ሲኖዶስ ኮይነ ኣቕርበልኩም ኣሎኹ። ከምኡ'ውን ብስም እተን ኣብ ግብጺ ዝርከባ ኵለን ኣብያተ ክርስቲያን ቅብጣዊት ኦርቶዶክስ ኣቕርበልኩም። ንኹላትና በዚ ክቡር ትንሣኤኡ የሐጕሰና።

ክርስቶስ ተንሥአ! በአማን ተንሥአ! ክርስቶስ ተንሢኡ'ዩ። ብሓቂ ተንሢኡ'ዩ!

Tawadros II